Tigrinya

refugee action
working with refugees to build new lives

# ዑቕባ ንምሕታት ዘቕረብክሞ ምልክታን ይግባይ ዝበልክሞ ጉዳይን ብምልኡ ድሕሪ ምንጻጉ ዘሎ ናይ ሓገዝን መንበሪ ኣባይትን ኩነታት

እቲ Home Office* ብዛዕባ እቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ገና ውሳኔ ዘይሃበ እንተደኣ ኰይኑ፣ ወይድማ ገና ውሳኔ ዘይተዋህቦ ዘቕረብክሞ ናይ ይግባይ ሕቶ እንተደኣ ኣሎኩም ኰይኑ፡ ካብ NASS* ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣሎኩም። እቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ወይ ድማ ይግባይ ዝበልክሙሉ ጉዳይ እንተደኣ ተነጺጉ፡ እቲ እትረኽብዎ ሓገዝ ክቕየር ይኽእል እዩ።

## እቲ ዘቕረብክዎ ናይ ዑቕባ ሕቶይ ከምእውን ይግባይ ዝበልክዎ ጉዳይ ተነጺጉ ድዩ?

**ርግጸኛ እንተደኣ ዘይኮንኩም፡ ወይድማ እቲ ኣብ መበቆል ሃገርኩም ዘሎ ኩነታት እንተደኣ ተቐይሩ ኰይኑ፡ ብዝተኻእለ መጠን ቐልጢፍኩም ሕጋዊ ዝኾነ ምኽሪ ክትረኽቡ ይግባእ - ንጠበቓኩም ምኽሪ ኽህበኩም ሕተትዎ፡ ወይ ድማ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዝሰርሕ ሰብ፡ ናይ ጠበቓታት ዝርዝር ኣስማት ንኽህበኩም ሕተትዎ።**

## እቲ ዘእተኽሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ከምእውን ኩሉ ይግባይ ዝበልኩሞ ጉዳይ ድሕሪ ምንጻጉ ዘሎ ሓገዝ

እቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ሓንሳብ እንተደኣ ተነጺጉ፡ መንበሪ ኣባይቲ ወይ ድማ ሓገዝ ንምርካብ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ከምዚ ዝስዕብ ሓደሓደ ኣማራጺታት ኣሎ፥

### 1. ክፍሊ 95 ሓገዝ - ኣብቲ ዑቕባ ዝሓተትክሙሉ ግዜ ዝወሃበኩም ሓገዝ

- ካብ S95 NASS* እትቅበልዎ ዝነበርኩም ሓገዝ ቅድሚ ምውዳኡ ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ ምሳኻትኩም ዝነብሩ ደቂ እንተደኣ ኣሎውኹም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ደቅኹም 18 ዓመት ክሳብ ዝገብሩ እቲ ሓገዝ ይቕጽል።
- ደቂ እንተደኣ ዘይብልኩም፡ እቲ ዘእተኹሞ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ናይ መወዳእታ ምስ ተነጽገ ካብ NASS S95* እትቕበልዎ ዝነበርኩም ሓገዛት ኣብ ውሽጢ 21 መዓልታት የቋርጽ። እዚ ከአ NASS* ብደብዳቤ ክሕብረኩም እዩ።

### 2. ክፍሊ 4 ሓገዝ — መሰረታዊ ዝኾነ ኣባይቲ ከምእውን ምግቢ ወይ ቫውቸር።

- ካብ NASS S95* ትረኽብዎ ዝነበርኩም ሓገዛት ድሕሪ ምቁራጹ ደቂ እንተደኣ ኣለውኹም ኮይኖም፡ ወይድማ ዓዲ እንግሊዝ ለቒቕኩም ክትወጹ እንተደኣ ዘይትኽእሉ ኰንኩም፡ ወይድማ ብፍቓድኩም ናብ ዓድኹም ክትምለሱ እንተደኣ ኣመልኪትኩም ኰንኩም፡ ናይ ክፍሊ 4 ሓገዝ ክትቀበሉ ትኽእሉ ኢኹም። ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ ብኽብረትኩም እቲ **Refugee Action's*** ዝብል ሓጺር ጽሑፍ ኣብ **Section 4*** ዘሎ ርኣዩ።

### 3. ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ሓገዝ

- ብርቱዕ ዝኾነ ናይ ኣካል / ኣእምሮ ሽግር እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡ ወይድማ ብዕድመ ሸማግለ / ሕሙም እንተደኣ ኰንኩም እቲ Local Authority* ናይ መንበሪ ኣባይትን ሓገዝን ክህበኩም ይክእል እዩ። መጀመርያ ድማ ናታትኩም ግምገማ ክወስዱ ኣለዎም - እዚ Community Care Assessment* ተባሂሉ ይጽዋዕ፡ ቁሩብ ሰሙናት ከኣ ይወስድ።
- ደቂ እንተደኣ ኣለውኹም እሞ ናይ S95 ወይ S4 ሓገዛት ክወስዱ እንተደኣ ዘይግብኦም ኮይኑ እቲ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ንደቅኩም ሓገዝ ክህቦም ኣለዎ፡ እንተኾነ ግን ዝኾነ ልዕሊ 18 ዓመት ዝኾነ ሰብ እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ሓገዝ ከይህቦም ይኽእል እዩ።


Refugee Action registered charity number: 283660

Client information

ጉዳይኩም ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ወጻኢ እንተደኣ ኮይኑ፥ መንበሪ ኣባይቲ፣ ምግቢ ወይ ክዳውንቲ ንኽትረክቡ ዝሕግዙ ናይ ከባቢኹም ማሕበራት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

**ዝኾነ ይኹን ሕቶ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፥ ብኽብረትኩም ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዝሰርሕ ሰብ ሕተቱ።**

* እዞም ቃላት እዚኣቶም ናይ ሓደሓደ ማሕበራት ናይ እንግሊዘኛ ኣስማት፥ ወይ ድማ ካልእ ክትርጎሙ ዘይብሎም ቃላት እዮም። እንታይ ማለት ሙኻኖም ምእንቲ ክገልጸልኩም፥ ብኽብረትኩም ንዝኾነ ናይ ምኽሪ ሰራሕተኛ ሕተቱ።